UK Health
Security
Agency

# ምክትታል ረኽሲ ቁስሊ መጥባሕቲ

## ሓበሬታ ንሕሙማት







እዚ ወረቐት እዚ፡ ንቝስሊ ረኽሲ መጥባሕትን ኣብ ሆስፒታላት ዝተረኽበ ረኽሲ ንምክትታል ዝሕግዝ ሃገራዊ መደብን ዝገልጽ እዩ።

# ረኽስታት ቊስሊ መጥባሕቲእንታይ እዩ?

መብዛሕትኡ ናይ መጥባሕቲ ቁስሊ ብዘይ ጸገም ብቕልጡፍ ይሓዊ እዩ። ውሑዳት ናይ መጥባሕቲ ቁስልታት፡ ናይ ረኽሲ ሓልክታት ኣለዎ። እዚ ዝኸውን ድማ ጀርምታት (ከም ባክተርያ ዝኣመሰሉ ንኣሽቱ ተሃዋስያን) ናብቲ ሓኪም-መጥባሕቲ ኣብ ቆርበትካ ዝገበሮ ቀዳድ መጥባሕቲ ምስ ዝኣትዉ እዩ።

ብዙሓት ጀርምታት፡ ኣብ ኣካላትናን ኣብ ከባቢናን ይነብሩ። መብዛሕትኦም ዘይጐድኡ ጥራይ ዘይኮኑስ ጠቓምቲ ድማ እዮም። ኣካላትና ካብቶም ጉድኣት ከስዕቡ ዝኽእሉ ጀርምታት ተፈጥሮኣዊ መከላኸሊ ኣለዎ። ቆርበትና ንቡር ጀርምታት ናብ ኣካላትና ከይኣትዉ ይከላኸል፣ እንተኾነ ግን ኣብ ቆርበት ዘጋጥም ዝኾነ ይኹን ቀዳድ (ብሰንኪ መጉዳእቲ ይኹን ብጣሕ) ክኣትዉን ረኽሲ ከስዕቡን ከኽእሎም ይኽእል።

# እዞም ረኽስታት መዓስ እዮም ዝምዕብሉ?

ረኽሲ ቊስሊ መጥባሕቲ፡ ክሳዕ'ቲ ቊስሊ ዝሓዊ (መብዛሕቱ ግዜ ድሕሪ መጥባሕቲ ኣብ ዘሎ ክልተ ክሳዕ ሰለስተ ሳምንታት) ኣብ ዝኾነ እዋን ካብ ክልተ ክሳብ ሰለስተ መዓልታት ክምዕብል ይኽእል እዩ። ኣዝዩ ሳሕቲ ከኣ ድሕሪ መጥባሕቲ ድሕሪ ሓያሎ ኣዋርሕ ረኽሲ ክኽሰት ይኽእል እዩ።

ረኽስታት ቊስሊ መጥባሕቲ፡ ልሙድ ኣይኮነን (ሰሌዳ ርአ)። መብዛሕቱ ረኽስታት ቊስሊ መጥባሕቲ፡ ኣብ ቆርበት ጥራይ ዝተሓጽረ ኮይኑ፣ ሓሓሊፉ ግን ናብ ዝዓሞቑ ቲሹታት (ኣካሊት) ክዝርጋሕ ይኽእል እዩ። ከም መዓንጣ ኣብ ዝኣመሰሉ ብዙሕ ጀርምታት ኣብ ዜማዕብል ክፋላት ኣካል መጥባሕቲ ድሕሪ ምክያዱ፡ ረኽስታት ንኽኽሰት ዝያዳ ተኽእሎ ኣሎ።

**መጠን ናይቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓይነታት መጥባሕቲ ዘጋጥም ረኽሲ መጥባሕቲ**

| ዓይነት መጥባሕቲ | ማእከላይ ገምጋም ብዝሒ ናይቲ ኣብ ነፍሲ ወከፍ 100 መጥባሕትታት ዘጋጥም ረኽሲ ቁስሊታት* |
|---|---|
| ምትካእ መላግቦ ብርኪ | ትሕቲ 1 |
| ምትካእ መላግቦ ምሕኩልቲ | ትሕቲ 1 |
| መጥባሕቲ ምእላይ ከብዲ (ሃይስተሬክቶሚ) | 2 |
| መጥባሕቲ ሰራውር ደም (ሃይስተሬክቶሚ) | 2 |
| ንምግፋሕ ሰራውር ልቢ ዚግበር መጥባሕቲ | 3 |
| መጥባሕቲ ዓቢ መዓንጣ (ከስዐ) | 9 |

* ሕሙማት ኣብ ሆስፒታል ኣብ ዘለዉሉ ወይ ድሕሪ መጥባሕቲ ዳግማይ ሆስፒታል ኣብ ዝኣትዉሉ እዋን፡ ረኽሲ ቊስሊ ተረኺቡ።
ምንጪ መረዳእታ፥ UKHSA. Surveillance of Surgical Site Infections in NHS Hospitals in England.

# ቁስለይ ብኸመይ ክትትል ክግበረሉ እዩ፧

ኣብ ሆስፒታል ኣብ እትጸንሓሉ እዋን፡ እታ ንመሸፈኒ ቁስልካ እትቕይር ነርስ ዝኾነ ምልክታት ረኽሲ እንተሃልዩ ክትምርምር እያ። ብዛዕባ ቁስልካ እንተተሻቒልካ፡ ነታ እትከናኸነካ ነርስ ንገራ። ንመሸፈኒ ቊስልኻ ክትኣሊ ኣይትፍተን፣ ወይ'ውን ንቑስልካ ወይ ናይ ቁስሊ ፕላስቲክ ቱቦ ክትትንክፎ ኣይትፍተን። ምኽንያቱ፡ ብጌጋ ካብ ኣጻብዕትኻ ናብ ቁስልካ ጀርምታት ከተሰጋግር ትኽእል ኢኻ።

ካብ ሆስፒታል ምስ ወጻእካ ረኽሲ ክምዕብል ይኽእል እዩ። ድሕሪ መጥባሕቲ፡ ገለ ምቅያሕን ሕበጥን ንኼጋጥም ትጽቢት ክግበር ኣለዎ፣ ይኹን እምበር ሓደ ወይ ልዕሊኡ ካብዞም ዝስዕቡ ምልክታት እንተ ኣማዕቢልካ ረኽሲ ክህልወካ ይኽእል እዩ፥

- ኣብ ከባቢ ቁስልኻ ዘሎ ቆርበት ይቐይሕ ወይ ይቖስል እሞ ኣካል ናይቲ ንቡር መስርሕ ምሕዋይ ቁስሊ ኣይመስለካን፣ ወይ ድማ ሙቐትን ሕበጥን ይስምዓካ
- ቁስልኻ ቀጠልያ ወይ ብጫ ሕብሪ ዘለዎ ፈሳሲ ኣለዎ
- ብሓፈሻ ሕማም ወይ ረስኒ ይስምዓካ፡ ወይ ድማ ሙቐት ሰብነት ኣለካ

ኣብ ቁስልካ ጸገም እንተሃልዩካን ምስ ሆስፒታል ክትራኸብ እንተዘይተነጊሩካን ንሓፈሻዊ ሓኪምካ (GP) ተወከስ። መጥባሕቲ ምስገበርካ ድሕሪ ሓደ ወርሒ ካብ ሆስፒታል መሕተቲ ጽሑፍ (ብወረቐት፣ ኢመይል ወይ ናይ ጽሑፍ መልእኽቲ) ክስደደልካ ወይ ጸውዒት ቴሌፎን ክግበረልካ ይኽእል እዩ፣ እዚ ድማ ኣብ ቁስልኻ ጸገም እንተሃልዩካ ንኽትሕተት እዩ። ብዙሓት ሕሙማት ድሕሪ መጥባሕቶም ነዊሕ ከይጸንሑ ካብ ሆስፒታል ዝወጹ ኮይኖም ሰራሕተኛታት ሆስፒታል ድማ ሕሙማት ኣብ ሆስፒታል ከለዉ ዝምዕብሉ ጥራይ ዘይኮነስ ሕሙማት ካብ ሆስፒታል ምስ ወጹ ዘጋጥም ረኽሲ ቁስሊ እውን ክፈልጡ ኣለዎም።

# ምልክታት ሕማም ምስዘጋጥመኒ፡ እቲ ክገብሮ ዘሎኒ እንታይ እዩ፧

ሆስፒታልካ ብዛዕባ መጥባሕትኻ ሓበሬታ ክእክብን ቁስልኻ ምልክታት ረኽሲ እንተሃልይዎ ክከታተልን እዩ። ነርስ፡ መሕረሲት ወይ ሓኪም፡ ረኽሲ ቍስሊ መጥባሕቲ ከምዘለካ እንተጠርጢሮም፡ ካብ ቦታ ቁስልኻ ብጡጥ (ስዋብ) ናሙና ወሲዶም ናብ ቤተ-ፈተነ ንምርመራ ክሰዱ ይኽእሉ እዮም። ነርስኻ ወይ ሓኪምካ መድሃኒት ጸረ-ነፍሳት (ኣንቲባዮቲክስ) ክእዝዘልካ ይኽእል እዩ። ብዛዕባ መጥባሕቲኻ ዝተኣከበ ሓበሬታ፡ እቲ ሆስፒታል ዝበለጸ ውልቃዊ ክንክን ንኽህበካ ይጥቀመሉ።

# ሓበሬታይ ንመን ይካፈል?

ትካል ድሕነት ጥዕና ዩናይትድ ኪንግደም (UKHSA)፡ ኣብ መላእ እንግሊዝ ኣብ ዝርከባ ሆስፒታላት ንዘጋጥም ረኽስታት ቍስሊ መጥባሕቲ ናይ ምክትታል ሓላፍነት ኣለዎ። ነዚ ንምሕጋዝ፡ ሆስፒታልካ፡ ብዛዕባ ኣብ UKHSA ዝተኻየደልካ መጥባሕቲ ዚምልከት ከም ስምካ፡ ዕለት ልደትካ፡ ጾታን ቁጽሪ NHSን ዝኣመሰለ ውልቃዊ ሓበሬታ የካፍል እዩ። ብተወሳኺ፡ ብዛዕባ ተኽእሎ ምምዕባል ረኽሲ ቍስሊ መጥባሕቲ ዝምልከት ሓበሬታ ይውሃብ እዩ፣ ንኣብነት፥

- ቅድሚ መጥባሕትኻ ዝነበረ ሓፈሻዊ ደረጃ ጥዕናኻ
- ብዛዕባ መጥባሕትኻ ዝምልከት ሓበሬታ
- ብዛዕባ'ቲ ድሕሪ መጥባሕትኻ ከጋጥመካ ዚኽል ረኽስታት ዚምልከት ሓበሬታ

UKHSA ንብቕዓትን ትኽክለኛነትን ናይ'ቲ ካብ ሆስፒታልካ እንረኽቦ ሓበሬታ ንምፍታሽን ሕሙማት ካብ ሓደ ግዜ ንላዕሊ ከምዘይንቖጽሮም ንምርግጋጽን፡ ውልቃዊ ሓበሬታ ክጥቀም የድልዮ እዩ። ብተወሳኺ፡ ድሕሪ መጥባሕትኻ ዳግማይ ናብ ሆስፒታል ዝኣተኻ እንተኾይንካ፣ ከምኡ'ውን ከም ሕማም ሽኮር ዝኣመሰሉ ሓደጋታት ረኽሲ እንተሃልዩካ ንምርኣይ፡ ነዚ ሓበሬታ እዚ ምስ መዛግብቲ NHS ንምትእስሳር ንጥቀመሉ። እዚ ድማ እቶም ዘለዉና ሳይንቲስታት ህዝባዊ ጥዕና ኣብ ሆስፒታላት ንዘጋጥም መጠን ረኽሲታት መጥባሕቲ ንኽግምግሙ ይሕግዞምን ንሕሙማት ዝወሃብ ሕክምና ንምምሕያሽ ድማ ይሕግዝን። ብተወሳኺ፡ ካብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ስታቲስቲክስ (Office for National Statistics) ዝመጽእ መዛግብቲ ሞት እውን ብምትእስሳር፡ ረኽሲ መጥባሕቲ ዘለዎም ሕሙማት፡ በዚ ረኽሲ'ዚ ይሞቱ እንተኾይኖም ንምርኣይ ከኣ የገልግል።

ብዛዕባ ክሊኒካዊ ረኽሲታት ዚምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ሓበሬታኻ ምስቲ ብUKHSA ዝተሓዝ ናይ ማይክሮባዮሎጂ ላቦራቶሪ ዳታ ከምዝተኣሳሰር ክግበር ይከኣል እዩ። ብተወሳኺ፡ ሓበሬታኻ ምስቲ ብኻልእ ደብተራት ክሊኒክ ምስ ዝተታሕዘ መዛግብቲ ከምዚተኣሳሰር ክንገብሮ ንኽእል ኢና፣ እዚ መዛግብቲ'ዚ፡ ከም ዓይነታት ናይቲ ብመጥባሕቲ ዝተኻየደ ምትካል ኣካላት ዝኣመሰለ ዝያዳ ዝርዝር ሓበሬታ መጥባሕቲ ዝሓዘ እዩ።

ናትካ ወይ ኣብ ክንዳኻ ኮይኑ ናይ ዝዓየ ካልእ ሰብ ቁጽሪ ሞባይልን ኣድራሻ ኢመይልን ንUKHSA ክውሃብ ይከኣል እዩ። እዚ ድማ ንፍወሳ ቍስሊ ዚምልከት መሕተት መሊእኻ ናብ UKHSA ንኽትሰዶ፡ ብኢመይል ወይ ብጽሑፍ ክንልእኸልካ መታን ኽንክእል እዩ።

# ብዛዕባ ረኽስታት መጥባሕቲ ዚምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ኣበይ ክረክብ ይኽእል፧

ብዛዕባ ረኽሲ ቁስሊ መጥባሕቲ ዚምልከት ዝያዳ ሓበሬታ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ UKHSA www.gov.uk/government/collections/surgical-site-infection-ssi-guidance-data-and-analysis ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ብዛዕባ UKHSA ዚምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ኣበይ ክረክብ ይኽእል?

UKHSA፡ ንረኽሲ ቊስሊ መጥባሕቲ ንምፍላጥ ንውልቃዊ ሓበሬታኻ ብኸመይ ከም ዝጥቀመሉ፡ ኣብ www.gov.uk/guidance/surgical-site-infection-surveillance-privacy-notice ዝያዳ ሓበሬታ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

ነቶም መጥባሕቶም ኣብ ትሕቲ ናይ UKHSA ኣገልግሎት ክትትል ረኽሲ ቦታ መጥባሕቲ ምክትታል ንዝገበሮም ሕሙማት ተባሂሉ ብUKHSA ዝተዳለወ እዩ።

| ተወሳኺ ሕቶታት ምስ ዝህልወካ፡ ብኽብረትካ በዚ ዝስዕብ ተወከስ፥ |
| --- |
| |

እዚ ቆጽሊ-ጽሑፍ'ዚ፡ ብዓቢ ሕታማትን በዞም ዝስዕቡ ቋንቋታትን፡ ንኣብነት፥ ዓረብኛ፡ ቤንጋሊ፡ ቻይንኛ (ቀሊል ወይ ባህላዊ)፡ ጉጃራቲ፡ ፖላንድኛ፡ ፑንጃቢን ኡርዱን ይርከብ እዩ። ነዚ ሕታም'ዚ፡ ካብ www.gov.uk/ukhsa ክተውርድዎ ትኽእል ኢኻ።

ነዚ ሓበሬታ (ኣርማታት ከይሓወሰ) ብዝኾነ ቅርጺ ወይ ሚድያ ብናጻ ዳግማይ ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ፣ እዚ ድማ ብመሰረት ውዕላት ፍቓድ ክፉት መንግስቲ (OGL) v3.0 እዩ። ነዚ ፍቓድ ንምርኣይ፡ ንOGL www.nationalarchives.gov.uk/doc/open-government-licence/version/3/ ተወከስ። ዝኾነ ናይ ሳልሳይ ወገን ሓበሬታ መሰል ቅዳሕ ከምዘሎ ኣብ ዝፈለጥናሉ እዋን፡ ካብቶም ዝምልከቶም ወነንቲ መሰል ቅዳሕ ፍቓድ ክትረክብ የድልየካ እዩ።

UKHSAንነፍሲ ወከፍ ኣባል ነፍሲ ወከፍ ማሕበረሰብ፡ ካብ ጽልዋ ተላባዒ ሕማማት፡ ኬሚካላዊ፡ ባዮሎጂካዊ፡ ራድዮሎጂካውን ኒዩክለራውን ፍጻመታትን ካልእ ሓደጋታት ጥዕናን ናይ ምክልኻል ሓላፍነት ኣለዎ። ጥዕና ሃገር ውሑስ ንምግባር፡ ብደረጃ ሃገርን ከባብያውን፡ ከምኡ'ውን ብዓለማዊ መድረኽ፡ ምሁራዊ፡ ሳይንሳውን ኦፐሬሽናውን ኣመራርሓ ንህብ ኢና።

www.gov.uk/government/organisations/uk-health-security-agency

**Ulotka ta jest również dostępna w języku polskim**
**ਇਹ ਪਰਚਾ ਪੰਜਾਬੀ ਵਿੱਚ ਵੀ ਉਪਲਬੱਧ ਹੈ**
**এই প্রচারপত্রটি বাংলা ভাষায়ও পাওয়া যায়**
**આ પત્રિકા ગુજરાતી ભાષામાં પણ ઉપલબ્ધ છે**
**本宣传单还提供有中文(简体)版本**
**本宣傳單還提供有中文(繁體)版本**

تتوفر هذه الكراسة أيضاً باللغة العربية.
یہ پرچہ اُردو میں بھی دستیاب ہے

© Crown copyright 2025

ምስዚ ሰነድ ዝተኣሳሰር ሕቶታት እንተሃልዩካ፡ ብኽብረትካ በዚ ዝስዕብ ተወከስ፥
ssi.data@ukhsa.gov.uk

ዝተሓትመሉ፥ ሰነ 2025
መወከሲ ሕትመት፥ GOV-11041

ስእልታት © Shutterstock

Corporate member of Plain English Campaign
Committed to clearer communication
339

UKHSA ሽቶታት ዘላቒ ልምዓት ይድግፍ
SUSTAINABLE DEVELOPMENT GOALS